

# ፈንቅል






ፈንቅል ብዝብል ስም ዝተበገሰ

ህላው ጸላኢ ከብቅዕ ዝተሃንደሰ

ካብ ጉድጓድ ምስ ተበገሰ

ንሰብዓን ሽብዓተን ንምድጋስ

ሽግ ሓርነት ንምብሳር

ካብ ቀሓት ዝንነቐለ ቃፍላይ

ዝተዋደደ ሓላይ መላይ

ዒላ ገመል ድምጺ ታንክታት

ሃብቲ ሃገር ዋጋ ሰማእታት

ነቕለ ጀግና ብኹሉ መኣዝናት

መንገዲ ዘብዘብ ሩባ ሳባይት

ታኼላ ሑጻ ፈታኒ ንጽንዓት

ኣብ ዓዲ ዕለ መኣዝናት ዝተሓበረ

ምእንቲ’ዛ ሃገር ብዘይ ድቃስ ዝሓደረ

ጀጋኑ እናኸፈልካ ዝተሰግረ

ኣብ‘ቲ ሓዊ’ቲ ዝነሃረ

ኣብ ፈንጂ እናኣተወ ኣብቲ ዝተቐበረ

ኣካላቱ እናተበስዐ ብቡምባ ኣርፒጂ

ንምእታው‘ቲ ጽንኩር ስትራተጂ

ድኻም ዝተኸፈሎ ውዕሎ

ብዝሒ መስዋእቲ ድሎ ብድሎ

ብርሃን ዝተጸበየ ህዝቢ ኩሉ

ኣብቲ ጥመት ዝነበረሉ

ህዝቢ ተመነየ ክርህወሉ

ዓወት ደቂ ዝሰምዓሉ

ኮነ ደኣ ከም እቲ ትምኒቱ

ሳላ‘ቶም ውፉያት ውላዳቱ

ንጸላኢ ጸራረግዎ ሰበርዎ ቅልጽሙ

ብግርጉሱም ዝሃጀመ

ብናቫልቤዝ ዝተገደመ

ብፎርቶ ተልእኹ ምስ ዓመመ

ብዓወት ውዕለኡ ዛዘመ

ህላው ጸላኢ ምስ ቀሃመ

ሽው’ዩ ናጽነት ኤርትራ ዝፈለመ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና

ወልዳይ ተኸስተ ተድላ

ማንሃይምን ከባቢኡን